# ብዓለ ኪዳነ ምሕረት

## የካቲት 16 2016 ዓ.ም. (2/24/2024)

ወታሥተሰርዩ ኃጢአተ ሕዝበኪ ተበውሐ ለኪ እምአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ከመ ትኩኒ ተንከተመ ለውሉደ ሰብእ ለሕይወት ዘለዓለም (ዚቅ)።

ንባባት፡ ገላትያ 4፡1-12፥1ዮሓ1፡4-8፥ግ.ሓ.1፡13-15፥ዮሓ 19፡25-27።

ምስባክ፡

1. ዘያነብራ ለመካን ውስተ ቤቱ፥ ወያስተፈስሓ ልእመ ውሉድ፥ ዘያነብራ ለመካን ውስተ በቱ። "ንመኻን አደ ቖልዑ ገሩ አብ ቤት ብሓጎስ የንብራ" መዝ. 113፡9።
2. እስመ ትቤ ለዓለም አሓንጽ ምሕረተ በሰማይ ጸንዐ ጽድቀከ፥ ኪዳን ተካዮድኩ ምስለ ኅሩያንየ። ንዓለም ምሕረት ክገብር እዩ፥ አብ ሰማይ ኪዳንካ ጽኑዕ እዩ፥ ምስቶም ሕሩያነይ ኪዳን አትየ እየ መዝ. 89፡1-2።

ዓመታዊ ብዓል እናና ኪዳነ ምሕረት ዘኪርና ክነብዕል አብዚ ቅዱስ ቤት አምላኽ ጉባኤ ሓዋርያት ገርና አሎና። ናይ ኩልና ደቂ አዳም ብዓል እዩ ምኽንያቱ ብመንገኝነት ማርያም ምስ ኩልና ዕርቂ ሰማይ ስለ ዝተረኽበ። ማርያም አብ ቅድሚ አምላኽ ሞጎስ ረኺባ። መጽሓፍ ቅዳሴና አብ "ጎስዓ" ዝብል አኮቴተ ቍርባን ናይ ማርያም እግዚአብሔር ሰሜን ደቡብ ምስራቕ ምዕራብ ጠመተ እንተ ኾነ ከማኺ አይረኸበን እናበለ ሕርየት ማርያም ዝወዳደሮ ከምዘየሎ እናገለጸ እዋ እዚ ሕርየት እዚ ምእንቲ ነፍስወከፍ ፍጡር አምላኽ ምዃኑ ንርኢ።
ቀዳሞት ወለድና ሰይጣን ብዘቕረበሎም ዕድመን ባዕሎም ብዝገበርዎን ካብ ገጽ አምላኽ ተፈልዮም፥ ነቲ ብፍቕሪ ዝፈጠረ አምላኽ ጠርጢሮዎ እዋ ካብኡ ክፍለዩ ወሲኖም። ብዘይ አምላኽ ዝኾነ ዓለሞም ክነብሩ መሪጾም። እንተ ኾነ እዚ ምርጫ እዚ ሞት ስቓይ ልዕሊ ኹሉ ነቲ ዕለት ዕለት ዝርእይዎ ዝነበሩ ገጽ አምላኽ ካብ ምርአይ ከልኪልዎም። ገጽ አምላኽ ክርእዩ ብዘይምኽአሎም ካብ ኩሉ ጸጋታት ርሒቆም። እዚ ናይ ቀዳሞት ወለዲ ውሳኔ ቀዳማይ ውሳኔ ስለ ዝኾነ ንኾሎም ደቆም ብዘይ ማርያም ለኺፍና ምኽንያቱ ቀዳማይ ዓለት ሰብ ብኃጢአት ስለ ዝተበከለ ኩሉ ዝውለድ ነዚ ጉድለት ሒዙ ይፍጠር፥ ናይ አዳምን ሔዋን ኃጢአት ብናይ ሎሚ ቋንቋ "DNA" ናይ ተፈጥሮና ተንኪፉ። እዚ ብጸጋ ጥምቀት አብቲ ናይ ቀደሙ ንመልሶ።

ዕርቂ አምላኽን ሰብን፡

ሰብ ብዝገበሮ ኃጢአት ርእሱ ከድሕን አይክእልን ኮይኑ ምኽንያቱ ኩሉ ዝነበሮ ጸጋ አጥፊኡ። ተረኺቡ ተሳኢኑ ከድሕኖ እንተ ኾነ እቲ ብፍቕሪ ዝፈጠሮ አምላኽ ሕጂ እውን ንሱ ጥራሕ እዩ ፍጡረይ ተጎዲኡ ኢሉ ከድሕኖ ዝኽእል፥ ካልእ ዝኾነ ከድሕኖ አይክእልን እዩ። ከድሕኖ እንተ ኾነ ኸአ ካብቲ ብፍጥረት ዝረኸቦ ርክብ ንላዕሊ ብዝኾነ መገዲ እዩ ከድሕኖ ዘለኦ። እቲ ቀዳማይ ርክብ ቅድሚ ውድቀት ዝነበረ ርክብ ተፈጥሮ ክንብሎ ንኽእል። እዚ ማለት አምላኽ ካብ ፍቕሪ ተበጊሱ ንሰብ ፈጢርዎ ምስኡ ርክብ ፈጣርን ፍጡርን ምሂዙ። ቅዱስ መጽሓፍ ብአርአያኡን አምሳሉን ፈጢርዎ ይብለና።
ድሕሪ ውድቀት አምላኽ ብፍሉይ ርክብ ምስ ሰብ ክራኸብ ደልዩ እዚ ኸአ ሓደ ካብ ቅድስት ስላሴ ከማና ሰብ ኮይኑ ዝለዓለ ርክብ ክፈጥረልና ተወሲኑ። ስላሴ እዚ ብአርአያናን ብአምሳልና ዝፈጠርናዮ ፍጡርና ስለ ዝተጎድአ ካብ ሞቱ ክትንስእ ንስኻ ወልድ ተለአኽና እናበሉ ስላሴ ንወልድ ካልአይ አካል ክልአኽ ወሲኖም። እዚ ውሳኔ ስላሴ ወድሰብ ክርድኦ ምእንቲ ከምኡ ስጋ ነፍሲ ከም ፍጡር ኮይኑ ክውለድ ተደልዩ። ንድላይ አምላኽ ተግባራዊ ክትገብር ማርያም ብመልአኽ ገብርኤል ተሓቲታ፥ "ንፍጡርና ዝኾነ ሰብ ክነድሕኖ ንደሊ አሎና እዋ ንአኺ አደ ወልድ ክትኮኒ ደሊና አሎና ስምዕና" እናበሉ ተማሕጺኖማ።
ማርያም አምላኽ ካባይ ካብ ፍጡሩ ሓገዝ ካብ ደለየ እነኹ ባርያኡ እናበለት አደ መድኃኒ ክትከውን ሕራይ ኢላ ተቐቢላቶ። ቀሊል ውሳኔ አይነበረን አምላኽ እውን ከይሓተታ ብናቱ መገዲ ክገብሮ ይኽእል ነሩ እንተ ኾነ ንሱ ስለ ዝደልዮ እዋ ድላይ አምላኽ ልዕሊ ዝኾነ ድለታት ስለ

ዝኾነ ነዚ ርድኢት ገሩ ማርያም እሽትኣ ገሊጻ። እዚ ሎሚ እነብዕሎ ዘሎና ብዓል እምብአር ኣብዚ እዩ መሰረቱ።

### ማርያም ሕራይ ብምባላ ኣደ ኩሉ ኮይና።

ማርያም ኣደ ኣምላኽ ክትከውን ሕራይ ምስ በለት ኣደ ኩሉ ዝድሓነ ክትከውን ክኢላ። ኣምላኽ ንሓደ ዓለት ወይ ህዝቢ ኣይኮነን ከድሕን ወሲኑ ንኹልና ደቂ ኣዳም ስለዚ እቲ ብማርያም ዝመጸ ድሕነት ንኹሉ ብማዕረ እዩ ዝበጽሖ። ኩልና ደቃ ኢና። ንሳ ንኹልና ኣፍደገ ሰማይ ከፈታትልና፥ ንሳ ንኣምላኽ ብቐረባ ክንርእዮ ኣኽኢላትና፥ ንሳ ኣምላኽ ከምዝፍቅረና ክንርዳእ ምኽንያት ኮይናትና ምኽንያቱ እቲ ዝለዓለ መግለጺ ፍቕሪ ኣምላኽ ካብኣ ስለ ዝተወልደ።

እሞ ደቂ ማርያም ዘሎና፥ ካብ ሓንቲ ኣደን ኣቦን ዝውለዱ ቆልዑት ብዙሕ ዘመሳስል ኣልኦም እሞ ንሕና ከምደቃ ብዙሕ ዘመሳስል ኣሎናዶ? ደቂ ሓንቲ ኣደ ኣብ ሓንቲ ቤት እዮም ዝርከቡ ገዝኦም ፍሉጥ እዩ ኣብቲ ኣብኦምን ኣዲኦም ዘለውዎ እዮም ዝርከቡ፥ ንሕና ገዛና ቤት ኣምላኽ ስድራና ማሕበር ክርስቶስ ስለ ዝኾና ኣብ ሓንቲ ቤት ኣምላኽ ኣብ ሓንቲ ስድራ ዘሎና ኢልና እዝን ካልእን ኣብ ሕልናና ኣልዒልና ኣብ ቤትና ዝኾነ ቤት ኣምላኽ ክንምለስ ንሕተት ኣሎና። ደቂ ማርያም መለለይኦም ጸሎት ፍቕሪ ምሕረት ለውሃት ንድምጺ ኣምላኽ ክትሰምዕ ጽን ምባል እዩ። ካብ ሕይወት ኣደና እንምሃሮ ብዙሕ ኣሎና ሎሚ ካብኣ ብፍሉይ ክንምሃሮ ዘሎና እምነት እዩ።

### ማርያም መምህር እምነት።

ኣብ ማርያም ዝተራእየ እምነት ሎሚ እውን ኣብ ነፍሲ ወከፍና ደቂ ማርያም እንብል ሕያው ኮይኑ ክርኤ ክንጽዕር ኣሎና። እምነት እንተ ዘይተረዳእካዮ ሓቂ የብሉን ማለት ኣይኮነን። እምነት ንኣምላኽ ልዕሊ ኹሉ ገርካ ኣብኡ ኣሚንካ እትጉዓዞ እዩ። ሕይወት ማርያም ጉዕዞ እምነት እዩ ነሩ። ካብታ መልኣኽ ምስ ኣበሰራ ጀሚራ ኣምላኽ ዝደልዮ ክትገብርን ክትሰምዕን ጽን ትብል ነራ። ንወዳ ብእምነት ካብ መጀመርያ ክሳብ መጨረሽታ ተኸቲላቶ እዚ ቀዳመይቲ ሓዋርያ የብላ። ንምስጢር ወዳን ድላዩን ትፈልጥ ስለ ዝነበረት እምነት ገሮም ክጉዓዙ ኢላ ንሰባት ወደይ ዝበለኩም ግበሩ ትብለና። እሙን ኮንካ ጽኑዕ ክርስትያን ምኳን ልዕሊ ኹሉ ሎሚ ንቤተ ክርስትያናን ዓለምናን የድልያ ኣሎ።

እሞ ብዓልና ትርጉምን መቐረትን ክህልዎ እንታይ ክንገብር ይግብኣና? ሎሚ ወዳ ካባይ እንታይ ይደሊ ኢልና ሕልናና ክንሓትት መዓልቱ እዩ። ነፍሲ ወከፍና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሕይወትና ርኢና ክንክእል፥ ንዘሎና ድኽመት ኣለሊና ኣብ መንበረ ንስሓ ኣቲና ምሕረት ኣምላኽ ክንሓትት። ብዓል ማርያም ኣብ ዝሰመረ ልቢ ክውዕል እንከሎ ጥራሕ እዩ ጣዕሚ ዝህልዎ። ብርግጽ ኩልና ሓደ ልቢ ሓደ መንፈስ ብምልኣት ክንለብስ ከቢድ እዩ እሞ ዝክኣለና ገርና ኣብ ኢድ ኣምላኽ ክንሓድጎ። ደቂ ኪዳነ ምሕረት ዘብለና መንፈስ ሕይወት ለቢስና ክንርከብ እምብአር ሎሚ እውን ንለምና። ጉዕዞ እምነት ምሃርና ንበላ።

### ኩሉ ኣብ ማርያም ዘሎ ካብ ወዳ ዝተዋህባ እዩ።

ኃጢኣት ህዝብኺ ምሕረት ክተውህቢ ካብ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ተፈቒዱልኪ እዩ፥ ንደቂ ሰብ ንሕወት ዘለዓለም መሳልል ድሕነት ክትኮኒ ተሓሪኺ ኢኺ እናበልና በዚ መዓልቲ ንጽሊ። ማርያም ባዕላ ዘምጽኣቶ ኣይኮነን ካብ ኣምላኽ እዩ ተዋሂብዋ። መዝነታ ንሰባት ኣብ ኣምላኽ ምምላስ ንሰባት ዓራቚት ምኳን እዩ። ንሳ ነቲ ሓንሳብ ሕራይ ዝበለቶ ተልእኮ ንሰባት መንገኛ ኮይና ክተገልግል ሎሚ እውን ድላያ እዩ ጸጊሙ ዘሎ ሰብ መንገኛ ኣይደለን ባዕለይ ኣብ ኣምላኽ ብቀጥታ ዘይበጽሕ እንታይ ኣማላድነት ኣድለየኒ እናበለ እቲ ንኣዳምን ሔዋን ዘውደቓ ባዕልና ብዘይ ሓገዝ ኣምላኽ ነጻ ኮና ምንባር ይሕሸና ዝበልዎ ሎሚ እውን እቲ ሕማም ንብዙሓት ኣይሓደገን ኣሎ። ንማርያም ንመላእክቲ ንቅዱሳን ኣብ ጎኒ ሓዲጉ ሰብ ሓንቲ መገዲ ጥራሕ እያ እታ ቅንዕቲ ንሳ ኸኣ ባዕለይ ኣብ ኣምላኽ ክቐርብ ዝብል ርድኢት ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ብዙሕ ጊዜ ተራእዩ ሕጂ እውን ኣሎ። እንተ ኾነ ሰብ ባዕሉ ዝገደደ ጉድለትን ሕንፍሽፍሽን መጋገዪ ክፈጥር እንተ ዘይኮነ ዘምጽኦ ለውጢ የብሉን። ዘምጽእ እንተ ኾነ ድሕነት ክርስቶስ ኣይመድለየን።

ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ሓግዝቲ የድልዩና። ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ነብያት ኣበው ኩሎም ደቂ እስራኤል ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ነጊሮም። ስማዕ እስራኤል እናበሉ ንድለት ኣምላኽ ይነግሩ ነሮም። ህዝቢ ምስማዕ ክአቢ እንከሎ ሽው ምዓት ይበዝሖ ነሩ። ሓደ ነብይ ክትንስእ እንከሎ ድላይ ኣምላኽ ክነግሮም ይውከስዎ ነሮም እቲ ነብይ ኣምላኽ ከአ ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ እናበለ ክምለሱ ይነግሮም። ኣብ ሓዲስ ኪዳን እውን ብተመሳሳሊ መገዲ እዩ ዝዛረብ ብኢየሱስ ክርስቶስ ብቤተ ክርስትያኑ ይዛረብ። በብእዋኑ ይዛረበና። እቲ ዝድለ እምብአር ነቲ ኣምላኽ ዝብሎ ሰሚዕና ኣብቲ ንሱ ዝደልዮ ክንርከብ። *መገዲ ዝጠፍአ ሰብ ሓባሪ ይደሊ እንተ ዘይኮነ ክጠፍእ እዩ።* ኣብ ሕይወትና ዝተፈላለዩ ሓበርቲ ክኀነፉና ይኽእሉ እዮም። ማርያም እታ ዝለዓለትን ዝበለጸን ሓባሪት እያ፥ ምኽንያቱ ምስ ኣምላኽ ዘተ ገራ ሕይወታ ናቱ ኮይኑ እዩ። ካብ ማርያም ንላዕሊ ምስጢር ኣምላኽ ዝርድኦ ኣሎ እንተበልና ንጋገ። ንሳ ንኣምላኽ ሰሚዓ ዝኸኣለት እሞ ሰባት ንኣምላኽ ክሰምዑ መገዲ እትሕብር እያ።

## ካብ ማርያም ንላዕሊ ምስጢር ድሕነት ዝተረድኤ የለን።

ኣብ ጸሎትና *“ተፈጸመ ተስፋ ኣበው በማርያም ድንግል፥ ወበቀራንዮ ተተክለ መድኃኒት መስቀል”* እናበልና ተሳትፎ ማርያም ኣብ ድሕነትና ንገልጽ። ማርያም ንወዳ ብምውላድ ጥራሕ ኣይኮነትን ኣብ ጉዳይ ድሕነትና ተሳቲፋ ኣብቲ ምእንታና ኣብ ጎቦ ቀራንዮ ዝቐረበ መስዋዕቲ እውን ተሳቲፋ እያ። ወዳ መስዋዕቲ ኮይኑ ክቐርብ እንከሎ ንሳ ብመንፈስ ነቲ መስዋዕቲ ደው ኢላ ኣዕሪጋቶ። ንመስዋዕቲ ወዳ ተዓዛቢት ጥራሕ ዘይኮነ ብምልኡ ናታ ገራ ተመስገን እናበለት ኣዕሪጋቶ። ኣብቲ እዋን መስዋዕቲ እዩ እዚአ ኣደኹም እዚኦም ደቅኺ እናበለ መሰል ደቃ ምኳና ዝገለጸልና። ነዚ ኣስተንቲና እንተ ከኣልና ብሓቂ ደቂ ማርያም ደቂ ሕድሪ መስቀል ኢና።

*አምላኽ ዝኸትምና መንፈስ ከጥቅዓና ኣይደለን።* ኣብ ሕይወት ደቂ ሰብ እቲ ዝዓበየ ዝኸትምና እሞ ከቢድ ናይ ኣደ እዩ ነዚ ከረድእ ኢሉ ኣነ እሓልፍ ኣሎኹ እሞ ካብ ሕጂ ንድሓር እዚአ እያ ኣደኹም ኢሉና። ኩሉ ኣቦ ዝገብሮ ንሳ ክትገብረልኩም እያ ኣባይ ክትመጽኡ ንሳ መንጎኛኹም እያ እናበለ ምስ ማርያም ክህልወና ዘልአ ርክብ ገሊጹልና። ኢየሱስ ኣብ መጨረሽታ ሕይወቱ ንሓደ ካብ ሓዋርያቱ ኣይኮነን ተላብዩልና ነዲኡ እዩ እዚአ ኣደኹም ኢሉ መንፈሳዊት ኣደ ሂቡና።

ክቡራት መፍቀርቲ ኪዳነ ምሕረት፥ *ሎሚ ኣምላኽ ሓዲኡ መሪጽና ክንርከብ ይደሊ ኣሎ።* ንቀለዓለም ናትካ ኢና ኢልና ካልእ ውራይና ክንገብር ዘይኮነ ብልብና ኣሚና ሓዲስ ርክብ ለቢስና እሙናት ደቂ ማርያምን ተከተልቲ ወዳ ኮና ክንርከብ እዩ። *ማርያም ሎሚ ከም ቀደም ኣብ ወደይ ተመለሱ ንሱ እዩ መድኃኒኹም እናበለት ክንሰምዓ ትልምናና ኣሎና።* በብእዋኑ ኣብ ታሪኽ ግልጸት ማርያም ከምዝተራእየ ኣብ ኩሉ እትብሎ ወደይ ብሕይወት ብዙሓን ሓጥኣን ጉህዩ ኣሎ ተነስሑ ተመለሱ ሕይወትኩም ቀይሩ እናበለት ትዛረብ። ምእንቲ ሰላም ምእንቲ እምነት ክህሉ ሰብ ምስ ኣምላኽ ክህልዎ ዘለዎ ርክብ ክርኢ እሞ ኣብ መገዲ ኣምላኽ ክምለስ ጸልዩ ትብለና ኣላ።

*ጸሎት ቀንዲ መለለዪ ደቂ ማርያም እዩ።* ንሳ ኩሉ ጊዜ ትጽልን ምስ ኣምላኽ ትዛረብ ከምዝነበረት ሕይወታ ይነግረና። ብዓቢኡ ምስ ወዳ ስለ ዝነበረት ንኣአ ካልእ ርክብ ኣየድልያን እዩ ነሩ። *ሕይወት ማርያም ሕይወት ጸሎት እዩ።* ንቀዳመይቲ ማሕበር ወዳ ኣኪባ ጸሎት ምሂራታ ኣብ ኩሉ ንሳ እትብሎ ጸልዩ መዓት ኣምላኽ ክቐለኩም ትብለና። ከምቲ ሓዋርያት ንኢየሱስ ሓደ እዋን ጸሎት ምሃረና ዝበልዎ ንሕና እውን ንማርያም ጸሎት ምሃርና ንበላ።

በዚ ክቡር ዕለት እምብአር ምስ ኣምላኽን ማርያምን ዘሎና ርክብ ርኢና ሕይወትና ኣብ መገዲ ኣምላኽ ንምለስ። ነታ ዓራቒት ሰማይን ምድርን ዝኾነት ማርያም ሎሚ እውን ምስ ወድኺ ዕረቕና እናበልና በዚ ብሩክ መስዋዕቲ ቅዳሴ ንለምና።

ፍቕርን ሰላምን ዝወረዶ ብዓል ገሩ ጸሎታን ኣማልድነታን ኣይፈለየና። ብሩኽ ብዓል እኖና ኪዳነ ምሕረት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ